ኮሌጅ ቴክኒክን ሞያን ኣረኣያ ዘሪሁን ከይዲ ሰራሕ ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳር ናይ ፅሕፈት መሰርሒ ኣቑሑት ፣ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቑሑት፣ ስነ ፅባቐ (cosmetics) ፣ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቑሑት /GMFA ብረታ ብረት ብየዳን፣ናይ ፅሬት ኣቑሑት፣ቅድን ሰፌትን መሳርሒ፣ናይ ቡንባ መሳርሒ ኣቑሑት፣ናይ ኤሌክትሪክ ኣቁሑት፣ናይ ስፖርት ዕጥቂ፣ ክዕድግ ስለዝደለየ ነዞም ረቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ መስከረም 29, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 16, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 16, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ስፖርት ዕጥቅን ተዛመድቲ አቁሑትን/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ገዛ/ህንፃ ፅባቐ ስራሕቲ/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቱቦታትን ኣክሰሰሪታትን/ ማይ ኻዕቲን ኢንስታሌሽን/ ጨርቃ መርቂን ኣልባሳትን/

1 ናይ 2010/2011 ዓ/ም ግብሪ ዝኸፈሉን ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሱ ምኂኑ ዋናን ቅዳሕን መረዳእታ ዘቕርብ

2 ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ (ቫት) ዝተመዝገበ ምኂኑን ናይ ነሓሰ 30/2010 ዓ/ም ምኽፋሉ ዘረጋግፅ ዲክሌሬሽን መረዳእታ ዋናን ቅዳሕን ከቕርብ ዝኽእል

3 ግብሪ ኸፋሊ ንምኂኑ ናይ ግብሪ ከፋሊነት መለለይ ቁፅሪ (ቲን ናምበር) መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል

4 ጨረታ ቅድሚ ምኽፋቱ ናይ ጨረታ መኽበሪ ብር 3000.00 ብጥረ ገንዘብ፣ካብ ኢትዮጵያ ብሄራዊ ባንኪ ብንግዲ ባንኪ ኣፍልጦ ዝተውሃቦ ባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ወይ ድማ ቼክ ኣቀዲሙ ከትሕዝ ዝኽእል፤

5 እቲ ጨረታ ምስ ሰዓሩ ፤ዘሸነፎ ንብረት ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት (መጓዓዓዚ) ናብ ኮ/ቴ/ሞ/ ኣረኣያ ዘሪሁን ከቕርብ ዝኽእል፤ውዕሊ ካብ ዝኣስረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 20 ተኽታተልቲ መዓልትታት ከቕርብ ክኽእል ኣለዎ።

6 ተጫረቲ ናይ 2010/2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ናይ መቅረባይነት ወረቐት ምስክር ከቕርብ ዝኽእል

7 ተጫረቲ ዝተዳለወ ሰነድ ካብ ኣርኣያ ዘሪሁን መቐለ ንብረት ዕደጋ ፋይናንስ ምምሕዳር ቢሮ ቁፀሪ 13 ብምቕራብ ንሕድሕድ ሰነድ ብር 50.00 ከፊሎም ምስወሰዱ ዝጫረትሉ ዋጋ መሊኦም ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ (ፖስታ) እዚ ምልክታካብ ዝወፀኣሉ ዕለት ጀሚሩ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ምእታው ይኽእሉ።

8 ተጫረቲ መወዳደሪኹም ካብ 28/01/2011-16/02/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ቅ/ሰዓት ናብ ኮ/ቴ/ሞ/ኣረኣያ ዘሪሁን ክተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

9 እዚ ጨረታ ዝኸፈተሉ ዕለት 16/02/2011 ሰዓት 3:30 ቅ/ሰዓት ተዓፅዩ ሰዓት 4:00 ቅ/ሰዓት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ኣብ ዝተረኽብሉ ኮ/ቴ/ሞ/ኣ/ዘሪሁን ይኽፈት።

10 ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምሰራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ተጫረቲ ሰዓርቲ ምኻኖም ምስተነገሮም ኣብ ውሽጢ 3† ናይ ሰራሕ መዓልቲ ውዕሊ ክትአስሩ እትኽእሉን ካብ ዝሰዓርኽምዎ ጠቅላላ ዋጋ 10% ክተትሐዙ ፍቃደኛታት ዝኾንኩም ፤ውዕሊ ክተኣስሩ ፍቃደኛታት ተዘይኾይኖም መቕረብቲ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሐዝኽምዎ ገንዘብ ናብ ትካልና ኣታዊ ዝግበር ምኻኑ ንገልፅ።

12 ተጫረቲ ሰዓርቲ ምኻኖም ምስተነገሮም ንዘቕረበዎ ንብረት ቅድሚ ውዕሊ ምእሳሮም ከከም ኩነታቱ ወካሊ መርኣያ ከቕርቡ ክሕተቱ ይኽእሉ እዮም።

13 ጨረታ ዝኽፈተሉ ኣብ ቁፅሪ 9† ዝተጠቀሰ ከምዘሎ ኮይኑ ተጫረቲ (ሕጋዊ ወኪል) ብእዋኑ ክቀርቡ ብዘይምኽኣሎም ሰዓት ዝነወሓሉን ዘይተኽፈተ ዝተረፍ ፖስታ ከምዘይህሊ ተወዳደርቲ ክትልጡ ይግባእ።

14 ተጫረቲ ንዝሰዓርዎ ንብረት ብእዋኑ ተዘይ ኣቅሪቦም ናይ ዝዘንግዕሉ መዓልቲ ካብ ዝሰዓርዎ ገንዘብ በቢመዓልቲ 1/1000(0.001) ዝቕፅዑ ምኻኖም ክፈልጡ ይግባእ።

15 እቲ ኮሌጅ ከም ኩነታቱ ክሳበ 20% ክውስኽን ክቕንስን ይኽእል እዩ።

ኣድራሻና መቐለ ክ/ከተማ ዓየደር 03 መወዳእታ ታከሲ ጥቃ ቢሮ ሓለዋ ጥዕና

ስ.ቁ 0344-419498 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle